# ኣዕሩኽ ኢየሱስ
## ሕብሪ ዝልከ መጽሓፍ

# 8

Written by
Chebet Kigen
Illustrated by
Richard Maina
Cover design by
Manolito Corpuz

ተርጎምቲ
እናቴ ንግስቲ ሚካኤል
ቢንያም ዮሴፍ

Paulines

Paulines Publications Africa

ይተኃተም፦

✝ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# ኣዕሩኽ ኢየሱስ

8

ብኃልዮት መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ኣሥመራ
ዝተኃትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

✣ ✣ ✣

# Friends of Jesus


8

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5

All rights are reserved


Franciscan Printing Press

Asmara 2010
Eritrea




# ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቅ

ዮሓንስ መጥምቅ ምጽኣት ኢየሱስ ክዳሉ፣ ፍሉይ ጸዋዕታ ዝተቐበለ እዩ። ንሱ ወዲ ዘካርያስን ኤልሳቤጥን፣ ሓትኖኣ ንኣዴና ማርያም፣ ኣደ ኢየሱስ ነበረ። ዮሓንስ ንኢየሱስ ብሽዱሽተ ወርሒ ይዓብዮ። ንሱ መዓርን ኣንበጣን ተመጊቡ ኣብ በረኻ እናነበረ፣ ሰባት ክንስሑን ናብ ኣምላኽ ክምለሱን ይጽውዕ ነበረ። ንኢየሱስ ዘጠመቖ ንሱ እዩ። ስለዚ ከኣ ዮሓንስ መጥምቅ ይበሃል። ብሄሮድስ ንጉስ ርእሱ ተቘሪጹ ሞተ።



# ቅዱስ ጴጥሮስ

ጴጥሮስ ኣብ ቤተሳይዳ ተወልደ። ኢየሱስ ተኸታሊኡ ክኸውን ክሳብ ዝጽውዖ ኸኣ ገፋፊ ዓሳ ነበረ። ንሱ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣዕሩኽ ኢየሱስን ብዙሕ ተኣምራት ክገብር ዝረኣየን እዩ። ከይፈርሐ ወንጌል ስለ ዝሰበኸ ድማ፡ ኣብ ሮማ ቁልቁል ርእሱ ተሰቒሉ ተቐትለ። መቓብሩ ኣብ ትሕቲ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ጴጥሮስ ኣሎ። ጴጥሮስ መራሒ ቤተ ክርስቲያን ከም ዝኾነ ንምምልካት ኣብ ኢዱ መፍትሕ ሒዙ ይቐርበልና።




# ቅዱስ ያዕቆብ ዓብይ

ያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስ፣ ሓዉ ንቅዱስ ዮሓንስ እዩ። ንሱ ገፋፊ ዓሳ ነበረ። ኢየሱስ ምስ ጸወዖ ድማ ኵሉ ገዲፉ ሰዓቦ። ያዕቆብ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣዕሩኽ ኢየሱስ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ተኣምራት ክገብር ከሎ ርእዩዎ። ንሱ ምእንቲ ጐይታ፣ ኣብ 42 ዓ.ም፣ ብሄሮድስ ኣግሪጳ ርእሱ ተቘሪጹ ዝተቐትለ ቀዳማይ ሓዋርያ እዩ። ያዕቆብ ዝበዝሕ ጊዜ ደወል ነጋድያን ሒዙ ኸሎ ተሳኢሉ ይቐርበልና።




# ቅዱስ ዮሓንስ

ዮሓንስ ወዲ ዘብዴዎስ ሓው ያዕቆብ እዩ። ዮሓንስ ካብ ሓዋርያት እቲ ዝነኣሰ እዩ ዝነበረ። ኢየሱስ ክመውት እንከሎ ኣብ እግሪ መስቀሉ ዝነበረ ሓዋርያ ንሱ ጥራሕ እዩ። ጴጥሮስን ያዕቆብን ሓዊስካ ሓደ ካብቶም ትኽ ትንፋስ ኣዕሩኽ ኢየሱስ ነበረ። ንሱ ጸሓፊ “ወንጌል ዮሓንስ” እዩ። ዮሓንስ ኣብ ወንጌሉ ብዛዕባ መለኮታዊ መበቈልን ባህርይን ኢየሱስ ስለ ዘተኾረ ብሓንቲ ንስሪ ይውከል።




# ቅዱስ እንድርያስ

እንድርያስ ኣብ ቤተሳይዳ ዝተወልደን ሓው ቅ. ጴጥሮስን እዩ። ከም ሓዉ ገፋፊ ዓሳ እዩ ነይሩ ግን ኲሉ ገዲፉ ንኢየሱስ ሰዒቡ። ንሱ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ወንጌል ሰቢኹ። ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ቅርጺ ኤክስ (ፊደል ላቲን) ዝሓዘት ዕንጸይቲ ተኣሲሩ ተቐትለ። ስእሊ እንድርያስ እምበኣር፣ ምስ'ዛ ንሰማዕትነቱ ዝተጠቐሙላ ፍልይቲ መስቀል ተዘውቲሩ ይስኣል።




## ቅዱስ ፊሊጶስን ቅዱስ በርተለሜዎስን

ፊሊጶስ ኣብ ቤተሳይዳ ክውለድ ከሎ በርተለሜዎስ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ተወልደ። ሓደ መዓልቲ፡ ኢየሱስ ንፊሊጶስ ምስ ረኸቦ “ሰዓበኒ” በሎ። ንሱ ዓርኪ ኢየሱስ ምኳን ስለ ዘሐጎሶ ንበርተለሜዎስ ዓርኩ ነገሮ። ኣብ ህንዲ ወንጌል ዝሰበኸ በርተለሜዎስ ምኳኑ ይንገረሉ። ብመሰረት ትውፊት ከኣ፡ በርተለሜዎስ ብህይወቱ ኸሎ ፈለማ ቆርበቱ ቐሊጦም ድሕሪኡ ርእሱ ቈሪጾም ቀቲሎሞ።




# ቅዱስ ያዕቆብ ንኡስን ቅዱስ ይሁዳን

ያዕቆብን ይሁዳን ደቂ እልፍዮስ፡ ኣሕዋትን ደቂ ሓትኖኡ ንኢየሱስን ነበሩ። ያዕቆብ ኣባል ቤተ ክርስቲያን ኢየሩሳሌም ነበረ። ቅኑዕ ህይወት ይነብር ስለ ዝነበረ ብዙሓት ኣይሁድ ናብ ክርስትና ሰሓበ። ያዕቆብ ኣብ 62 ዓ.ም ተቐትለ። ንሱ ብበትሪ ተቐጥቂጡ ከም ዝሞተ ትውፊት ይገልጸልና። ይሁዳ ብ“ወዲ ያዕቆብ” ወይ ታዴዎስ እዩ ዝፍለጥ።




# ቅዱስ ቶማስ

ኢየሱስ ድሕሪ ትንሳኤኡ ንሓዋርያት ክረኣዮም ከሎ ቶማስ ምስኦም ኣይነበረን። ንብጾቱ ስለ ዘይኣመኖም ከኣ፥ "ኣጻብዐይ ኣብቲ ሸንካር ዝነበሮ ኣእዳወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ጐድኑ እንተ ዘየእተኹ ኣይኣምንን እየ፥" በሎም። ኢየሱስ ካልኣይ ጊዜ ምስ ተራእዮም ንቶማስ ኣቐኑሳሉ ተንኪፉ ክኣምን ነገሮ። ቶማስ፥ "ጐይታይን ኣምላኸይን!" በለ። ትውፊት ኣብ ህንዲ ወንጌል ከም ዝሰበኸ ይገልጸልና።




# ቅዱስ ስምዖን

ስምዖን ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ተወሊዱ። "ስምዖን እቲ ቀናኢ" ብዝብል ተወሳኺ ስም ከኣ ይፍለጥ። ኢየሱስ ሓዋርያ ክኸውን ምስ ጸውዖ ኵሉ ገዲፉ፡ ብዓቢይ ትግሃት ወንጌል ክሰብኽ ጀመረ። ንሱ ኣብ ግብጽን ፐርሽያን ነቲ ሰናይ ቃል ኣምላኽ ሰቢኹ። ብመጋዝ ኣብ ክልተ ተቘሪጹ ከም ዝተቐትለ ድማ ይትረኸሉ።





# ቅዱስ ማቴዎስ

ማቴዎስ ኣብ ቅፍርናሆም ተወሊዱ። ስርሑ ተቀባሊ ቀረጽ ነበረ። ኢየሱስ ተኸታሊኡ ክኸውን ጸውዖ። ንሱ ድማ ኹሉ ገዲፉ ሰዓቦ። ንቑሩብ እዋን ኣብ ፍልስጤም ወንጌል ሰቢኹ። ማቴዎስ ኣብ ምብራቕ እውን ከም ዝሰበኸ ትውፊት ይገልጸልና። ንሱ “ወንጌል ማቴዎስ” ጽሒፉ። ኣብ ስእሉ ትእምርቲ ሰብ ይዝውተር። ምኽንያቱ፥ ኣብ ወንጌሉ ብዛዕባ ሰብኣውን ንጉሳውን ባህርይ ኢየሱስ ኣስፈሑ ስለ ዝገልጸልና እዩ።




# ቅዱስ ማትያስ

ኢየሱስ ናብ ሰማይ ምስ ዓረገ፡ እቶም ዓሰርተ ሓደ ሓዋርያት ነቲ ኸዳዕ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ፡ እቲ ንኢየሱስ ዝኸሓደ፡ ዝትክእ ካልእ ሓዋርያ ክመርጹ ኣኼባ ገበሩ። ንማትያት ከኣ መረጹ። ማትያስ ንፉዕ ስለ ዝነበረ ንብዙሓት ኣህዛብ ወንጌል ሰበኸ። ብመሰረት ትውፊት፡ ማትያስ ሰማዕት እዩ። ንሱ ኣብ መስቀል ድሕሪ ምስቃሉ ብፋስን ጭማራን ተቖራሪጹ ተቐትለ።




# ቅዱስ ማርቆስ

ማርቆስ ወዲ ሓወቦኡ ንባርናባስ ነበረ። ንጳውሎስ ኣብ መጀመርያ ጕዕዞ ተልእኮኡ ኣሰንዩዎ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ኣብ ሮማ ኣርኪቡዎ። ንሱ “ወንጌል ማርቆስ” ጽሒፉ። ስእሊ ማርቆስ ትእምርቲ ኣንበሳ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ወንጌሉ ብዮሓንስ መጥምቅ ስለ ዝጀምርን ዮሓንስ ከኣ ኣናብስ ኣብ ዝነበሩዎ በረኻ ከይተረፈ “ተነስሑ” ዝጭርሕ ድምጺ ስለ ዝነበረን እዩ። ቤተ ክርስትያን እስክንድርያ ከም ዝሰረተ'ውን ይንገረሉ።




# ቅዱስ ሉቃስ

ሉቃስ ሓኪም እዩ ነይሩ። ብጊዜ ኢየሱስ ኣብ ፍልስጤም ይነብር ነበረ። “ወንጌል ሉቃስን” “ግብረ ሓዋርያትን” ጽሒፉ። ንቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ጕዕዞ ተልእኮኡ ኣሰንዩዎ። ጳውሎስ ኣብ ሮማ ተኣሲሩሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ድማ ምስኡ ጸንሐ። ስእሊ ሉቃስ ትእምርቲ ብዕራይ ጸይሩ ይቐርበልና። ሉቃስ ኣብ ግብጺ ወንጌል ሰቢኹ ብሰማዕትነት ሞተ።



# ማርታን ማርያምን ኣልኣዛርን

ማርታን ማርያምን ምስ ሓወን ኣልኣዛር ኣብ ቢታንያ ይቕመጣ ነበራ። ገዛኦም ካብ ኢየሩሳሌም 2 ኪ.ሜ. ትርሕቕ ነበረት። ኢየሱስ ክምህር ከሎ ናይ ቀረባ ፈተውቱ ነበሩ። ኢየሱስ ቅድሚ'ታ ዝተኣሰረላ ዕለት ክበጽሖም ምስ ከደ፣ ማርያም ብክቡር ቅብኢ ገይራ ኣእጋሩ ደሪዛቶ። ኣልኣዛር ሓሚሙ ምስ ሞተ ኸኣ ኢየሱስ ኣተንሲኡዎ። እዞም ሰለስተ ኣሕዋት፣ ንዓና ኣብነት ፍቕርን ኣገልግሎትን ጕይታ እዮም።




# ቅዱስ ዘኬዎስ

ዘኬዎስ ተቐባል ቀረጽን ሃብታምን ሰብኣይ ነበረ። ኢየሱስ ክሰብኽ ከሎ ክርእዮ'ኳ ሃረር ተበለ ቁመቱ ሓጺር ነበረ። ስለ'ዚ ኣብ ገረብ ደየበ። ኢየሱስ ምስ ረኣዮ፥ ካብኡ ክወርድን ንገዝኡ ክወስዶን ሓተቶ። ኣብ ገዝኡ እንከለዉ ፍርቂ ሃብቱ ንድኻታት ክህብ ምኳኑ ንኢየሱስ ነገሮ። ዘኬዎስ ኣብነት ንእግዚኣብሔር ክህልወና ዝግባእ ፍቕሪ ኢዩ። ንሱ ንኢየሱስ ክርኢ ተመንዩ ኢየሱስ ከኣ ነዚ ፈሊጡ ገዝኡ በጽሐ።




# ሳምራዊት ሰበይቲ

ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ናብ ገሊላ ይኸይድ ነበረ። ንሱ ብሓንቲ ሲካር ትበሃል ከተማ ሰማርያ እዩ ኣቋሪጹ ዝሓልፍ ነይሩ። ኢየሱስ ደኺሙ ስለ ዝነበረ ኣብ ጥቓ ዒላ ያዕቆብ ኣዕረፈ። ሓንቲ ሳምራዊት ሰበይቲ ማይ ክትቀድሕ ምስ መጸት ከኣ ኢየሱስ ማይ ከተስትዮ ሓተታ። ምስኣ ብዙሕ ተዘራረቡ። ድሕሪ'ዚ ሓያሎ ሳምራውያን ብኢየሱስ ኣመኑ።



# ዮሴፍ በዓል ኣርማትያስ

ዮሴፍ ካብ ኣርማትያስ ዝበሃል ቦታ ዝመጸ ሓዋርያ ኢየሱስ ነበረ። ንሱ ንኣይሁድ ፈሪሑ፣ ኣብ ኢየሱስ ከም ዝኣምን ብምስጢር ሒዚዎ ነበረ። ዮሴፍ ነቶም ኣይሁድ ዝፈርሓሉ ምኽንያት፣ ካብ ቤት ጸሎቶም ከይሰጉዎ እዩ። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ፣ ዮሴፍ ንጲላጦስ ሬሳ ኡ ክህቦ ለሚኑ ቀበሮ። ዮሴፍ ተኸታሊ ኢየሱስ ምዃኑ'ኳ ክፍለጥ እን ተ ዘይደለየ፣ ንክርስቶስ ብዘገርም መገዲ እዩ ኣገልጊሉዎ።




# ማርያም መግደላዊት

ማርያም መግደላዊት ኢየሱስ ናብ ኵሉ ዝሰብከሉ ዓድታት ተሰንዮ ነበረት። ገዛኣ ኣብ ጥቃ ቅፍርናሆም ነበረ። ካልኣት እናሃድሙ ንሳ ሓንቲ ካብቶም ኢየሱስ ኣብ መስቀል ክሳቀ ዝነብዐትን ክመውት እንከሎ ምስኡ ዝጸንሐትን እያ። ንግሆ ፍሲካ ነቲ ካብ ሞት ዝተንስአ ጐይታ ንመጀመርያ ጊዜ ዝረኣየቶ ንሳ እያ። ድሕሪኡ ብስራት ትንሳኤ ኢየሱስ ክትነግር ናብ ሓዋርያት ጐየየት።




# ዮሃናን ሶስናን

ዮሃናን ሶስናን ገለ ካብተን ንኢየሱስ ዝሰዓባ ኣንስቲ እየን። ኢየሱስ ካብ ዝሓደረን ድኻማትን ርኹስ መንፈስን ኣሕውዩወን። ኢየሱስ ምስ እዘን ኣንስቲ እዚአን ሸውዓት ኣጋንንቲ ዘውጸኣላ ማርያም መግደላዊት ትበሃል ካልእ ብጸይተን ነበረት። ንሳተን ኩሉ ገዲፈን ንኢየሱስ ሰዓብኦ። እተን ንኢየሱስ ዝተኸተላኦ ዮሃናን ሶስናን ካልኦት ኣንስትን፡ ኣብነት ፍቕርን ተወፋይነትን ንስራሕ ክርስቶስ እየን።



## ቅዱስ እስጢፋኖስ

እስጢፋኖስ ሓደ ካብቶም ንሓዋርያት ትምህርቲ ክርስቶስ ኣብ ምዝርጋሕ ክተሓጋገዙ ዝተመዘዙ ሸውዓተ ዲያቆናት እዩ። እስጢፋኖስ ጽኑዕ ኣማኒ፣ ልቦናን መንፈስ ቅዱስን ዝመልኦ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ኣብ ህዝቢ ብዙሕ ትእምርታትን ተኣምራታትን ፈጸመ። ገለ ሰባት ንኣ ምላኽ ጸሪፉ ኢሎም ብምኽሳስ ብደርባ እምኒ ኣቕተሉዎ። እስጢፋኖስ ቀዳማይ ሰማዕቲ እዩ። ንዓና ድማ ኣብነት እምነት እዩ።



# ቅዱስ ጳውሎስ

ጳውሎስ ክርስትያን ዘሳድድ ዝነበረ ሰብ እዩ። ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ሃንደበት ተራእዮ'ሞ፡ "ስለምንታይ ተሳድደኒ ኣሎኻ?" ክብል ሓተቶ። ካብኡ ንደሓር ንኢየሱስ ኣፍቂሩ ህይወቱ ወንጌል ንምብሳር ኣወፈየ። ጳውሎስ ሓያሎ መልእኽትታት ሓድሽ ኪዳን ጽሒፉ። ኣብ ሮማ ርእሱ ተቈሪጹ ብሰማዕትነት ሞተ። ጳውሎስ መጽሓፍ ሒዙ ተሳኢሉ ንርእዮ። ምኽንያቱ፡ ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልቡ ስለ ዘሕደረ እዩ።